# ድሕሪ ብምኽንሻብ ምብልሻው ጾታዊ ኣካል ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥም ሳዕቤናት ጥዕናን ዝግበር ሓገዝን

IS- 1476Tigrinja

Helsedirektoratet

# ብምኽንሻብ ምብልሻው ጾታዊ ኣካል ደቂ ኣስንትዮ

ግርዘት ደቂኣንስትዮ ምስ ናይ ከባቢ ልምድታትን ክብርታትን ዝተኣሳሰር ባህላዊ ተግባር እዩ።

ብምኽንሻብ ምብልሻው ጾታዊ ኣካል ደቂ ኣስንትዮ ኣብ ኣፍሪቃን፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ኣብ ገለ ቦታታት እስያን ኣብ ልዕሊ ኣዋልድን ኣስንትን ዝርአ ኮይኑ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ብግርዘት ምብልሻው ጾታዊ ኣካል ደቂ ኣስንትዮ ከም ዘሎ ይፍለጥ። እቲ ዝውቱር ኣገባብ፥ ጉድብን (ክሊቶሪስ) እቲ ውሽጣዊ ከንፈር ብልዕትን ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ምእላይ እዩ። ኣብ ካልእ ወገን ከኣ ነቲ ግዳማዊን ውሽጣዊን ከንፈር ብልዕቲ ብሓደ ብምስፋይ ንሽንቲ ማይን ወርሓዊ ጽግያትን ዘገልግል ንእሽቶ ከፋት ጥራይ ከም ዝህሉ ይግበር። ምስ ምክንሻብ ዝተኣሳሰር ደቂ ኣንስትዮ ብርክት ዝበለ ጽንኩር ሰንክታት ጥዕና ኣሎ።

ካልእ ጌዳኢ ዝኾነ ናይ ፍወሳ ጥቕሚ ዘይብሉ ከም ኣብነት ምውጋእ፡ ምስንጣቕ/ምንኳል፡ ምቕርዳድ፡ ምሕካኽ ወይ ብሓዊ ምቅጻል ዝኣመሰለ ጌዳኢ

ዝኾነ ናይ ጾታዊ ኣካላት ማህሰይቲ'ውን ከም ግርዘት እዩ ዝሕሰብ።

ኣብ ኖርወይ ኵሉ ዓይነታት ግርዘት ክልኩል እዩ።

## ጥዕናዊ ሓገዝ

ድሕሪ ብምኽንሻብ ምብልሻው ፆታዊ ኣካል ቃንዛ ምስ ዝህልወኪ፡ መድመይቲ ምስ ዝህልወኪ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ሽግራት ምስ ዘጋጥመኪ፡ ምስ ዝተፈላለየ ኣገልገልቲ ጥዕና ብምርኻብ ብዛዕባ'ዚ ክትዘራረቢን ቅኑዕ ፍወሳ ክትረኽቢን ትኽእሊ ኢኺ።

- ቀዋሚ ሓኪም
- ኣብ መደበር ጥዕና እትርከብ መሕረሲት ኣብ ግዜ ጥንሲ
- ኣብ መደበር ጥዕናን ኣብ ቤትትምህርትን ዘላ ሰራሕተኛ ክንክን ጥዕና
- ናይ ደቂኣንስትዮ ወይ ዌልዑ ክሊኒክ ኣብ ሆስፒታል

ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ጥዕና፡ መሕረሲት ወይ ቀዋሚ ሓኪም ናብ ፍሉይ ክኢላ ከም ትኸዲ/ትውከሲ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እትነብርዮ ቦታ ኣብ ዘሎ ሆስፒታል

ምስ ዝርከብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክሊኒክ ቀጥታዊ ርክብ ክትገብሪ'ውን ትኽእሊ።

እቲ ዝግበር ሓገዝ ናጻ ኮይኑ፡ ኣባላት ኣገልግሎት ጥዕና ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግቡእ ኣለዎም።

እቲ ሓገዝ ጥዕና ኣብ መደበር ክንክን ጥዕና ዝወሃብ ብነጻ እዩ።
ኣብ ቀዋሚ ሓኪምን ኣብ ሆስፒታልን ግን ዝኽፈል ብጽሒት ኣሎ።

## ጸገማት ጥዕና

### ድሕሪ ብምኽንሻብ ምብልሻው ፆታዊ ኣካል ዘጋጥም ጸገማትን ምትሕልላኻትንን ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል፡

- ተደጋጋሚ ረኽሲ ኣብ ጾታዊ ኣካላት ወይ ሻምብቆታት ሽንቲ ምስናይ ጸገም ኩላሊት።
- ቃንዛ/ሕማቕ ስምዒትን ኣብ ከባቢ ሻምብቆታት ማህጸን
- ጾታዊ ርክብ ምትሕልላኻት
- ዓጽረሽንቲ ወይ ዝተናውሐ ናይ ሽንቲ ምልሓኽ/ምምላቕ
- ምስ ጽግያት ዝተኣሳሰር ጸገማት
- ኣብ ኣደን ዕሸልን ዘጋጥም ሓደጋ ክብ ዝበለ ናይ ወሊድ ምትሕልላኽ
- ስነ ኣእምሮኣዊ ሳዕቤን

### ድሕሪ ብምኽንሻብ ምብልሻው ፆታዊ ኣካል ዝግበር መኽፈቲ መጥባሕቲ ወይ ካልእ ሕክምና

ግዳማውን ውሽጣውን ክፋል ብልዕቲ ብምስፋይ ዝተፈጸመ ድሕሪ ብምኽንሻብ ምብልሻው ፆታዊ ኣካል ንዘጋጠመን ደቂኣንስትዮ፡ ብመጥባሕቲ ሓደ ከፋት ምፍጣር ብዙሕ ጸገማት ጥዕና ከቃልል ይኽእል። እዚ ብመጥባሕቲ ከፋት ምፍጣር ድማ ቅድሚ ብጻይ/መርዓ ምግባር ወይ ቆልዓ ምውላድን ክፍጸም ኣለዎ።

## ናይ ርክብ ሓበሬታ

እንተ ደኣ ዝኾነ ናይ ሕክምና ሓገዝ ደሊኺ ኣብ ጥቓኺ ንዘሎ ሆስፒታል ክትውከሲ ትኽእሊ ኢኺ። ዝበዝሑ ዓበይቲ ሆስፒታላት ሕክምና ኣገግሎት ይህቡ እዮም።

ትሮምሶ፡ ኣብ ሰሜን ኖርወይ ዘሎ ናይ ዩኒቨርሲቲ ሆስፒታል። ቍጽሪ ቴለፎን 77 62 64 50

በርገን: ሃውከላንድ ዩኒቨርሲቲ ሆስፒታል። ናይ ርክብ ሰዓታት ኣብ መንነ ሰዓት 10፡00-11፡30 ከምኡ'ውን 13፡30 – 14፡30 ቍጽሪ ቴለፎን. 55 97 42 36

ትሮንድሃይም፡ ሆስፒታል ቅዱስ ኡላቭ። ምስ ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ ንምርኻብ ቍጽሪ ቴለፎን 72 57 47 19

ስታቫንገር፡ ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ፡ ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ ኢልኩም ሕተቱ። ቍጽሪ ቴሌፎን፡ 51 51 93 85

ኦስሎ፡ ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ኦስሎ ኡለቮል

ናይ ርክብ ሰዓታት ኣብ መንነ ሰዓት፡ 08፡30 -12፡00 ቍጽሪ ቴለፎን 22 11 98 44

ኦስሎን ኣከሽሁስን፡ ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ኣከሽሁስ ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቍጽሪ ቴለፎን፡ 67 96 05 00

ድራመን፡ ሆስፒታል ድራመን ክሊኒክ

ደቂ ኣንስትዮ ቍጽሪ ቴለፎን 32 80 32 56

ክሪስትያንሳንድ፡ ሆስፒታል ሱርላንደ

ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ሰዓት 09.00 - 15.00 ሰኑይን ረቡዕን፡ ቍጽሪ ቴለፎን 38 07 40 62 eller 38 03 32 76

Helsedirektoratet

**ፖስታ መስደዲ ኣድራሻ:** Pb. 7000 St Olavs plass,
0130 Oslo

**ኣድራሻ ንበጻሕቲ:** Universitetsgata 2, Oslo
**ተሌፎን::** 810 20 050
**faks:** 24 16 30 01

**www.helsedirektoratet.no**